# ክፍለጥ ዘሎዎ ኣገዳሲ ሓበሬታ

## እዚ ናይ ሓቂ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ሕጋዊ ሓበሬታ ይህብ፡-

- ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራቤትን ዝፍጸም ዓመጽ
- ድሕሪ ምፍልላይ ኣታኣባብያ ቈልዑ
- ፍትሕ
- ድሕሪ ምፍልላይ ንብረት ምክፍፋል

ንስኺ ወይ እትፈልጥዮ ሰብ ገለ ኻብዚ ጒዳያት እዚ የጋጥመኪ እንተ ኣልዩ ነዚ ሓቅታት እዚ ኣንብ። ኣብ ህጹጽ እዋን ፡ 000 ደውሊ። ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ተልፎን ኣንስታይ ኣስተርጓሚት ኸዳልዉ ይኽእላ እየን።

## ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራቤትን ዝፍጸም ዓመጽ

**ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዚፍጸም ዓመጽ (DFV) ፍርሒ ወይ ጒድኣት ዘምጽኣልኪ ባህሪ ወይከኣ ጠባይ እዩ። እዚ ኣካላዊ ዓመጽ ጥራይ ኣይኰነን።**

**ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዚፍጸም ዓመጽ (DFV) ሓደ ሰብ ከምዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ እዩ፡-**

- ይጐድኣ ወይ ንክጐድኣኪ የፈራርሓኪ
- ቪዛኽ ከጥፍኦ ከምዝኽእል የፈራርሓኪ
- ደቅኺ ንኽወስዶም የፈራርሓኪ
- ብቐጻሊ ይራሽበኪ
- ብዘይ ፍቓድኪ ቦታኺ ይስዕቦ ወይከኣ ይከታተለ
- "ኣብ ሕማቅ ኩነታት" ከም ዘለኺ ኾይኑ ክስምዓኪ ይገብረኪ

**ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዚፍጸም ዓመጽ (DFV) ጽቡቕ ኣይኮነን።**

ናይ ገዛ ዓመጽ ምክልኻል ትእዛዝ (DVO) ንዓኺን ንደቅኺን ካብ መጻኢ ተግባራት ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዚፍጸም ዓመጽ (DFV) ንምክልኻል ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

ናይ ገዛ ዓመጽ ምክልኻል ትእዛዝ (DVO) ነቲ ሰብ ንዓኺን ንደቅን ካብ ምጕዳእ ወይ ካብ ምፍርራሕ ንምክልኻል ሕጋዊ መምርሒ እዩ። እቲ ተግባር ዝፍጽም ሰብ ነቲ ትእዛዝ እንተዘይጥሒሱ ኣብ ገበናዊ ጸገም ኣይወድቕን እዩ። ኣብ ኢንተርነት ናይ ገዛ ዓመጽ ምክልኻል ትእዛዝ (DVO) ክትሓትቲ ትኽእሊ ኢኺ ወይ ፖሊስ ክሓትት ይኽእል እዩ።

## ፍትሕ

**ኣብ ኣውስትራልያ ፍትሕ ሕጋዊ መወዳእታ ሓዳርኪ እዩ። ብዛዕባ ደቅኺ ወይ ብዛዕባ ንብረት ውሳነታት ኣይገብርን እዩ።**

ንስኺን መጻምድትኺን ንፍታሕ ቅድሚ ምሕታትኩም ንልዕሊ 12 ኣዋርሕ ክትፈልዩ ኣለኩም። ንቈልዑን ንብረትን ንምድሳው 12 ኣዋርሕ ክትጽበ ኣየድልየክን እዩ፣ እዚ ድማ ድሕሪ ምፍልላይ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክግበር ይኽእል እዩ ።

ይኹን እምበር፣ ፍትሕ ምስገበርኪ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ናይ ንብረት ውዕል ወይ ብዛእባ ንቈልዑ ተባሂሉ ዝቁረጽ ገንዘብ ሕቶ ክትቅርቢ **ይግባ።**

ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዚፍጸም ዓመጽ (DFV)፣ ብነጻ ሓገዝን ምስጢራዊ ምኽርን ንምርኻብ፣ ኣብዘን ዝስ እባ ተለፎናት ደውሉ፡-

**1800 RESPECT (1800 737 732)**

**DVCONNECT (1800 811 811)**

ኩሉ መዓልቲታት, ሙሉዕ መዓልቲ ክፉት እዩ። ኣስተርጓሚ ክግበረልኪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።



ብኣገልግሎት ሕጊ ደቀንስትዮ ክዊንስላንድ ዝተዳለወ
Women's Legal Service Qld
ብመንግስቲ ክዊንስላንድ ዝተመወለ
Queensland Government

## ድሕሪ ምፍልላይ ኣታኣባብያ ቈልዑ

**ኣብ ኣውስትራልያ፣ ወለዲ ኣብ ውሉዳት መሰል የብሎምን። ኣብ ክንዳኡስ፣ ንደቈም ውሳነታት ኪገብሩ ሓላፍነት ኣለዎም።**

ካብ በኣል ቤትኪ እንተ ተፈልዩኪ፣ ብዛዕባ እቲ ውሑስን ረብሓን ውሉዳት ጥራይ ክትሰማምዓሉ ኣለኪ። እዚ ንቈልዑ 50/50 (ፍርቂ ንፍርቂ) ብቐጽበት ናይ ምክፍፋል ኣሰራርሓ ኣይኮነን።

ዝኾነ ይኹን ኣሰራርሓ ቅድሚ ምዕታውኪ ወይ ዝኾነ ሰነዳት ቅድሚ ምፍራምኪ ብዛዕባ ምርጫኺ ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ኣገዳሲ እዩ።

## ድሕሪ ምፍልላይ ንብረት ምክፍፋል

**እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ኣውስትራልያን ኣብ ወጻኢ ሃገርን ንብረትን ዕዳታትን ዘለዎ ሰብ መን ከምዝኾነ ክውስንን ክቕይርን ይኽእል እዩ።**

"ንብረት" ማለት መሬት፣ ገዛውቲ፣ ናይ ገዛ ኣሃዱታት፣ ናይ ጡረታ ገንዘብ፣ መኪናታት ፣ ዕንቁታት ፣ ገንዘብን ገለ ዕዳታትን የጠቓልል።

ምስ ተፈላለኹም ፡ ንብረት ብገዛእ ርእሱ 50/50 ኣይምቀልን እዩ።

ዝኾነ ይኹን ኣሰራርሓ ቅድሚ ምዕታውኪ ወይ ዝኾነ ሰነዳት ቅድሚ ምፍራምኪ ብዛዕባ ምርጫኺን መሰላትኪን ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ኣገዳሲ እዩ።





## ሕጋዊ ደገፍ ኣበይ ከምዝርከብ

**ሓደ ጠበቓ ሕጋዊ ሓበሬታን ምኽርን ክህበኪ ይኽእል እዩ፣ እዚ ኸኣ ሕጋዊ ምርጫታትኪ ንኽትርድኢዮን ሓበሬታ ዘለዎ ውሳነ ንኽትገብሪን ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ። ምስ ጠበቓ ምዝራብ ምስጢራዊ እዩ።**

ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ትካላት፡ ክትድውሉ ኸለኩም ኣስተርጓማይ ኽዳለዉ ይኽእሉ እየን፣ ወይ ከኣ ብ **131 450** ናብ ኣገልግሎት ትርጉምን ኣስተርጎምትን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።



**ብዛእባ ናይ ውሽጢ ገዛን ስድራ ቤትን ዓመጽ፣ ቆልዑ ምእባይ፣ ፍትሕን/ወይ ንብረትን ብነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ንምርካብ፦**

- ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኲዊንስላንድ (Women's Legal Service Queensland) ኣብ **1800 957 957**
- ሕጋዊ ሓገዝ ኲዊንስላንድ (Legal Aid Queensland) ኣብ **1300 65 11 88**

**ብዛዕባ ስደትን ናጻ ናይ ሕጊ ምኽሪ ንምርካብ፦**

- ናይ ስደተኛን ስደተኛን ሕጋዊ ኣገልግሎት (Refugee and Immigration Legal Service) ኣብ **(07) 3846 9300**

መተሓሳሰቢ፦ እዚ ናይ ሓቂ ወረቐት እዚ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝሓዘ እዩ።

እዚ ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኮነን። ናይ መወዳእታ ሕታም 4/ 2024።





ብኣገልግሎት ሕጊ ደቀንስትዮ ክዊን ስላንድ ዝተዳለወ

Women's Legal Service Qld

ብመንግስቲ ክዊንስላንድ ዝተ መወለ

Queensland Government